


# ነጻ መስመርና ዋሕስ ልምዓት !

ዝሓለዩልካ ክመስሉ ፡ ብረዲኦት ይቕድሱ
ሓይልኻ ከልምሱ ፡ ሓንጎልካ ከፍስሱ
ተንኮላት ክንስንሱ ፡ የውግሑዋ ከይደቀሱ
ዲሞክራሲ እናጨርሑ ፡ ሓዊ ዘናኽሱ
ብኽፍኣት ዝተባዕጠ ፡ ዘይጸድቕ ፈልሱ ፡

ኣበር ኣለዋ ፡ ሕቶ ናይ'ዛ ረድኤት
ጸገማትካ መዝሚዛ ፡ ንዕርበትካ ዕርክነት
ህርኩትነት ቀቢራ ፡ ትምህር ትህኪት
ደፋር ደረቐኛ ፡ ትሓትት ቅድመ-ኩነት ፡

ዘየልናዮ ይኸውን ፡ ይመጽእ ወጠጥ
ረዲኦት <u>ዝበልዋስ</u> ፡ ትሽነን ማዕረ ናጽነት
ወይከ ጉድ ደቀይ ፡ ዝዓደመ ህውከት
መንነትካ ክትሸይጥ ፡ ብጉስጢ ትሕተት ፡

ንስኻ ኣብ ደገ ፡ ንሳቶም ኩድም ኣብ ውሻጠ
ኣዋጃት ይድርደር ፡ መንነትካ ዝሸጠ
ምዕይ እንተበልካ ፡ የስዕቡልካ ዝገደደ
ጋህሲ ንኣፍሪቃ ፡ ብምዕራባውያን ዝረቐቐ ፡

<u>ኣናፍራ ቆቓሕ ዘይፈልጥስ ኣይሃዳናይን !</u>

ንፍሕሶ ተንኮላቶም ፡ ዘጻወድዎ ንዓና
ትማል ነቒሕናሉ ፡ ሳዕቤናቱ ፈሊጥና
ብርእሰ ትኣማንነት ፡ ክንሰርሕ ዝወፈርና
ንጉዕዞ ኣባጎብየ ፡ ብብርሃን ተመሪሕና ፡

እነሆ'ዶ ይርአ ፡ ናይ ምዕባለ ባና
ብስምሪ ወፊርና ፡ ብጽንዓት መኪትና ፡
ተስፋ ኣንጺፉ ፡ ኣዝሚሩ ገደናና
ብሓደ ጭጉራፍ ፡ ክለተ ዑፍ ሃዲንና
ስዩማይ ኣቢልናዮም ፡ ንማንታ ጸላእትና ፡

ባሕርና ክኃስዕ ፡ ዲጋና ክንጭንጉዕ
መሬትና ለሚዑ ፡ ሸሻይ ክነዝዕ
ባህሪ ተቐጻጺርና ፡ ተጻይ ክንዝርዕ
ህዝብና ሰዊዱ ፡ ከምእዝጊ ክስማዕ ፡

ስለዝኾነ ! ውጽኢት ነጻ መስመርና ዋሕስ
ልምዓትና !

ሰሪሕና ኣድሚዕና ፡ ሞጊትና ረቲዕና
ተማሂርና ተመራሚርና ፡ ንምዕባሌና ወሪቕና
ንዝቓደረ ኣለምሊምና ፡ ንዝተጋገ መኺርና
ስበትና ነኺስና ፡ ንፍርያት ጸዲቕና
ንጭኩን ህዝቢ ኣፍሪቃ ፡ ኣብነት ዝኾንና
ውጽኢት ጻማና ፡ ዋልታ ልዑላውነትና
ሳላ ርእሰምትእምማን ፡ ብነጻ መስመርና ፡

ነጻ መስመርና ዋሕስ ልምዓት !

ዓወት ንሓፋሽ !

መድሃኔ ተስፋኣለም